# <u>ጉድጓድ ንኾዓቲኣ</u>

*ኩፉእ ዝገብር ንግዚኡ ደሓን ዘሎ ኮይኑ ይስምዖ። ዓቕሊ ዝሰኣነ ተስፋ ቖሪጹ ኣብ ዘይደለዮ ይወድቕ። ኣርሒቑ ንዝሓስብ ዓወት ኣይፍለዮን። እዚ ንዕዘቦ ዘሎና ተርእዮታት ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብዚ ኣበሃህላ'ዚ ዝተመርኮሰ ኮይኑ ንረኽቦ። ወያነ ህዝቢ ኤርትራ ንምቕባር ማዓት ጎዳጉድ ኢያ ትኹዕት ኔራ። እንተኾነ ግን ገባር ክፉእ ከምልጥ ስለ ዘይክእል እዚ ኣብ ልዕሊ ወያነ ዘጢጡ ዘሎ ከቢድ ዝናብ ዘይብሉ ጸሊም ደበና ውጺኢት ሰንካም ተግባራት ጀንዳ ኮይኑ እንሆ ኣብቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኢላ ዝኾዓቶቶ ጉድጓድ ባዕላ ትኣትዎ ኣላ። ህ.ወ.ሓ.ት. መሰረት ዘይብላ ብሳዕሪ ዝተነድቀት ጎጆ (ኣጉዶ) ትንፋስ ህዝቢ ኢትይጵያ ኡፍ ኢሉ ብትንትን የብላ ኣሎ። እቶም ከም ባላ (ዓንዲ) ኮይኖም ከይትወድቕ ከድግፉዋ ዝጸንሑ መንግስታ ኩነታታ ስለ ዝመዘኑ እናረሓቑዋ እዮም።*

*መንግስት ኤርትራ ለባም መስተውዓሊ ክንዮ ኣድማስ ስለ ዝሓሰበን ዝጠመተን፡ ብዓቕሊ ሓቂ ሒዙ ኩሉ ነገር ከም ዝብጻእ ስለ ዝፈልጥ፡ እቶም ንጥፍኣቱ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሓይልታት ይኹኑ ጉጅለታት ብዝተትዕዎ ገመድ ተሓንኲሎም ብጅምላ ዘርጠብጠብ ይብሉ ኣለዉ። ኮምኡ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ኣብ ዝኾነ ጥምጥም ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝግብ። ህዝባዊ ግንባር ዓወት ንሓፋሽ ክብል ከሎ፡ ካብ ሓፋሽ ስለ ተወልደ፡ ንሓፋሽ ከገልግል ዝመሓለ፡ ነብሱ ቅድሚ ሓፋሽ ዘይሰርዕ፡ ብዘይ ተሳትፎ ሓፋሽ ዝዕወት ቃልሲ ከምዘየለ ኣሙኑ ዘእመነ ግንባር እዩ። ኣብ ዞባና ኣህዛብ ምስ መራሕቶም (መንግስቶም) ክተሃናኾቱ ከለዉ፡ ኣብ ሃገርና ሰላም ዘሎ።*

*ዓቕሊ ምጽባብ ኣብ ተስፋ ምቕራጽ የብጽሕ። ተስፋ ምቕራጽ ኣብ ዘይተሓስበ ሽግር የውድቕ። ዘይተሓስበ ሽግር ብሂወት ኣብ ዘይምምባር ይፈታትን። በዚ ኩነታት ዝተኸሰሩ ዜጋታት ውሑዳት ኣይኮኑን። ዝተወልዱላ ሃገሮም ገዲፎም ምስቶም ንህዝቦምን ሃገሮም ከጥፍኡ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ይጽግዑ። ከም ኣምዕዬ ወይ (ቆንጠጠፈ) ሓቍፍካ ምሕዳር ይቑጸር። ኣስተውዒልካ ብዓቕሊ እትወስዶ ስጉምቲ ኣብ ሂወትካ ጣዕሳ ኣየሕድርን።*

*ኣብዚ ሕጂ እዋን ወዳቤታት ግንባር እናሓየለን እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። ብኣንጻሩ ከኣ እቶም ጸልማት ኣብ ልዕሊኦም ዝዝምብዮም ዘሎ ኣዝዮም ይነብሑ ኣለዉ። እዚ ዝሕብሮ ነገር እንተሎ ንጸላእትና ረሸሽ ኣቢልና ዓወታት ንጭብጥ ምህላውና እዩ።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንውዳቤታትና*
*ሞሳ ንሰራዊትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*
*ጥቅምቲ 15, 2017*